ዕለት: ጉንበት 4, 2017

ርእሰ-ጉዳይ: ናይ ቤት-ትምህርቲ ክታበት ሕጊታት

ዲፓርትመንት ጥዕና ፔንሲልቫንያ (Pennsylvania Department of Health) ሓደሽቲ ናይ ቤት-ትምህርቲ ክታበት ሕጊታት ኣወጺኡ ኣሎ። እዞም ናይ ሕጊ ለውጢታት ካብ ነሓሰ 2017 ጀሚሮም ኣብ ግብሪ ዝውዕሉ ክኾኑ እንከለዉ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ተማሃሮ ከምኡ'ውን ጸልዋ ዘሕድሩ እዮም። ብዙሓት ተማሃሮ ከምኡ'ውን ሓደሽቲ ክታበታት ዝወሰዱ ክኾኑ እንከለዉ፤ ካልኦት ብዙሓት ድማ ገና ተወሳኺ ክታበታት ክወስዱ ኣለዎም። እቶም ሓደሽቲ ረቛሒታት ከምዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ፤

ኣብ **ኩሉ** ደረጃታት ትምህርቲ ዘለዉ ተማሃሮ:

- 4 ናይ ቴታነስ፣ ዲፍተርያ ከምኡ'ውን ኣሴሉላር ፐርቱሰስ (acellular pertussis) ክወስዱ ኣለዎም፤ ከምኡ'ውን ካብ ዝወለዱ 4 ዓመት ምስመልኡ ድማ 1 ግዜ ክወስዱ ኣለዎም
- 4 ናይ ፖልዮ፣ ክወስዱ ኣለዎም፤ ካብ ዝወለዱ 4 ዓመት ምስመልኡ ድማ 1 ግዜ ክወስዱ ኣለዎም
- 2 ናይ ንፍዮ፣ ጽግዕ (mumps) ከምኡ'ውን ሩቤላ (MMR)፣ ክልቲኦም ወዲ 1 ዓመት ምስኮኑ ክወስዱ ኣለዎም
- 2 ናይ ፍርማዖ (chickenpox) ክታበት ክወስዱ ኣለዎም ወይ ድማ ናይ ክታበት መርትዖ ከቕርቡ ኣለዎም፤ ክልቲኦም ወዲ 1 ዓመት ምስኮኑ ክወስዱ ኣለዎም
- 3 ናይ ሄፓታይተስ B

ተወሳኺ ናይ ክታበት ረቛሒታት ካብ **7ይ ክሳዕ 12 ደረጃ:**

- 2 ናይ ኣንቅጺ (MCV) ክታበት፣ ናይ መጀመርያ ክታበት ዕድሚኦም 11-15 ዓመት እናሃለዉ፤ ካልኣይ ክታበት ድማ ዕድሚኦም 16 ዓመት ምስገበሩ ወይ ድማ ናብ 12 ደረጃ ትምህርቲ ክኣትዉ እንከለዉ፤ ንመጀመርያ ግዜ እዚ ክታበት ዝወሰዱሉ ኣብ 16 ዓመቶም ወይ ካብኡ ንላዕሊ ጌሮም እንከለዉ እንተኾይኑ፣ ሓደ ክታበት ጥራይ ይኣኽሎም
- 1 ናይ ቴታነስ፣ ዲፍተርያ ከምኡ'ውን ኣሴሉላር ፐርቱሰስ ክታበት

ኩሎም ተማሃሮ እዞም ክታበታት ዘመነ ትምህርቲ 2017/18 ኣብ ዝኸፈተሉ እዋን ወሲዶም ክወድኡ ወይ ድማ ንክወድኡ ኣሎም ናይ ሓኪም ክትትል እናተገብረሎም ክህልዉ ትጸቢት ይግበረሎም። ኣብ እዋን ቀወዒ ናብ ቤት-ትምህርቲ ክትምለስ እንከለኻ፣ ብኽብረትካ ንነርስኻ እቶም ሓደሽቲ ክታበታት ዝወሰድካሎም ሰነዳት ኣቕርበላ።